

# ትርሓስ — ኾኸብ ተፃዋቲት እግሪ ኲዕሶ

Eden Daniels

Eden Daniels

ኣንገሶም ኣባዲ፣ ኅይትኦም ከበደ

tigrinja

nivå 2



ትርሓስ ደቂ ተባዕትዮ ኲዕሶ እግሪ ክፃወቱ ሪኣ፤ ናብኣቶም ተሓዊሳ ክትፃወት ደልያ። ምስኣቶም ተሓዊሳ ክትለማመድ ትክእል እንተኾይና ድማ ነቲ ኣሰልጣኒ ሓቲታቶ።



እቲ አሰልጣኒ አእዳው አብ ሸምጡ ገይሩ። “አብዚ ቤት ትምህርቲ ፀወታ እግሪ ኲዕሶ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ እዩ ክፃወቱ ተፈቂዱ” ኢሉ መለሰላ።



እቶም ደቂ ተባዕትዮ ንዓአ መርበብ ኲዕሶ ኸይዳ ንክትፃወት ነጊሮማ። ከምዚ እውን ኢሎም መርበብ ኲዕሶ ንደቂ ኣንስትዮ እግሪ ኲዕሶ ድማ ንደቂ ተባዕትዮ እዩ ምስበልዋ ትርሓስ ሓሪቃ።



ኣብቲ ካልአይ መዓንቲ፤ እቲ ቤት ትምህርቲ ከቢድ ውድድር ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ነይርዎ። እቲ አሰልጣኒ አብዚ ውድድር ብጣዕሚ እዩ ሓዚኑ ነይሩ ምኽንያቱ ድማ እቲ ብሉፅ ተፃወቲኡ ብምሕማሙ።



ትርሓስ ናብቲ ኣሰልጣኒ ብፍጥነት ከይዳ ንኽትፃወት ንክፈቅደላ ለሚናቶ። እቲ ኣሰልጣኒ እንታይ ከም ዝውስን ርግፀኛ ኣይነበረን። ደሓር ግን ትርሓስ ናብቲ ቡድን ተሓዊሳ ንኽትፃወት ፈቂዱላ።



እቲ ፀወታ ከቢድ ብምንባሩ ክሳብ ጊዜ ዕረፍቲ ምንም ጎል (ሸቶ) ክምዝገብ ኣይክአለን ነይሩ።



ካብ ዕረፍቲ መልሲ ሓደ ተፃዋቲ እታ ኲዕሶ ናብ ትርሓስ ኣሕሊፍ ሂብዋ። ንሳ ብፍጥትን ናብ ጎል ገፅ ብምሕላፍ ብሓይሊ ብምውቃዕ ሸቶ አመዝጊባ።



እቶም ተመልከቲ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ተሰመዖም፤ ካብዚ ዕለት ጀሚሩ አብቲ ቤት ትምህርቲ ንደቂ ኣንስትዮ ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ተፈቒዱ።

# Barnebøker for Norge

barneboker.no

## ትርሓስ — ኾኸብ ተፃዋቲት እግሪ ኩዕሶ

Skrevet av: Eden Daniels
Illustret av: Eden Daniels
Oversatt av: ኣንገሶም ኣባዲ፣ ጎይትኦም ከበደ

Denne fortellingen kommer fra African Storybook (africanstorybook.org) og er videreformidlet av Barnebøker for Norge (barneboker.no), som tilbyr barnebøker på mange språk som snakkes i Norge.

Dette verket er lisensiert under en Creative Commons
Navngivelse-IkkeKommersiell 3.0 Internasjonal Lisens.